# ሓቂ ኣምላኽን ፍቕርን ኣብ ውሽጥኹም ይነብር

ፍቑር ኢየሱስ

ብ ኣቶጳጵራ ኤሮፓ፣ ብዕለት 3 ብወርሂ ጥር 2009 ዓ.ም ዝተመሃላለፈ መልእክቲ



ኣነ ኢየሱስ (I AM Sananda) እየ፣ ሎሚ መንፈሳዊ ትምህርቲ ክህበኩም መጺአ ኣለኹ።

ቅድሚ 2000 ዓመት ናብ ዓለም ዘምጻእክዎ፣ ብዛዕባይን ዝመሃርክዎ ትምህርትን ገለ ርድኢታትኩምን እምነትኩምን ንምእራም ሎሚ መጺአ ኣለኹ።

ብመዐቀኒታት ኮስሚክ፣ ካብ ትምህርተይ ጀሚሩ ዘሎ ግዜ ክሳብ ሕጂ ሓጺር እዩ። እንተኾነ ግን ኣነ እውን ከይተረፈ ሓቀኛ ትርጉም ናይቶም ኣብ ወንጌላት ዝተጻሕፉ ሓረጋት ንምግማት ይጽገም እየ፣ ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት ዝገብርዎ ፍሕፍሕ ዝበለ ኣገላልጻ ነቲ ቀንዲ ትርጉም ናይቲ ትምህርቲ ስለ ዝጠዋወዮ።

መልእኽተይ ካብቲ ደቀ መዛሙርተይ ክርድእዎን ክምዝግቡዎን ዝኽእሉ ትርጉም ዝሰፍሐ እዩ ነይሩ። ድሕሪኡ ዝመጹ ኣዳለውቲ ነቲ ጽሑፍ ምትዕንቓፍ ቀጸሉ። ብዙሓት ካብኣቶም ነቲ ትሕዝቶ ብዝሓሸ መንገዲ፣ ብናይ ገዛእ ርእሶም ተፈጥሮኣዊ ርድኢት ክሕልፍዎ ካብ ልቢ ተስፋ ይገብሩ ነይሮም። ብዙሓት ካብቶም ብኣይ ዝሃብክዎም ትምህርታዊ ኣዋጃት ምስ ናይ ካልኦት ሰባት ክልሰ ሓሳብ ስለዘይሰማምዖ ብሕቡእ ተሰሪዞም እዮም። ስለዚ ድማ እዩ ካብዚ ምድራዊ ህይወት ካብ ዝወጽእ ሰለስተ ሚእቲ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ፣ እቲ ዝረኸብኩዎም ትምህርቲ፣ ነቲ ብኣይ ዝተወሃበ ሓቀኛ ትምህርቲ ብርሑቕ ጥራይ ዝመስል። ንመነጻጸሪ ናይ ሽምዓን ጸሓይን ኣብነት ክህበኩም እኽእል እየ። ሎሚ ኣብ ክርስትና ትመሃርዎ መልእኽተይ ትሕዝቱኡ ክሳብ ክንድኡ እዩ።

እንተኾነ እቲ መሰረት ተነቢሩ ኣሎ። እቲ ብኣይ ዝተዋህበ መለኮታዊ ሞገስ ድማ፣ ንህይወት (ቀጻልነት) ናይቲ ትምህርቲ ኣበርኪቶ ገይሩ እዩ፣ ስለዚ ብዙሓት ኣመንቲ ልብታት ንብዙሕ ዘመናት ናይ ዕረፍትን ሰላምን ቦታ ኮይኖም ኣለዉ። መብዛሕትኡ ሰናይነት ናይቲ ትምህርቲ፣ ካብቲ ኣብ ወንጌል ዝተዋህበ ቃላት ንላዕሊ፣ በቲ ህላወና ዝመልእናዮ ምስልታትን ስእልታትን እዩ ዝመሓላለፍ። ስለዚ ናተይን ናይ ኣደይ ማርያምን ምስሊ ብስእልታት ተባዚሑ ኢዩ (ተበራቢሩ ኢዩ) ።

ኣብ ምድሪ ብዙሓት ኣመንቲ፣ ብኣምሳልና ኣቢሎም፣ ምስ ህላወና ብምጥርናፍ ብቐጥታ መለኮታዊ ጸጋ ይረኽቡ።

እቶም ንኣምላኽ ክደልዩ ናብ ኣባይቲ ህዝብን፣ መነኮሳትን ዝኸዱ ኣቦታት፣ ኣብ ስቕታ ልቦም ንኣምላኽ ረኺቦሞም እዮም። ጸጋ እግዚኣብሔር ድማ፣ ጽኑዕ ደገፍ መለኮታዊ ራእይ፣ በቲ ጸልማት ከረምታዊ ለይቲ ይበጽሖም ነበረ።

ምንቃሕ ንቕሓቶም (The dawn of their consciousness) መሰረታዊ ባእታታት መልእኽትታትና ኣብ ኣእምሮ ሰባት ንብዙሕ ዘመናት ክጸንሕ ኣኽኢሉ እዩ። እዚ መሰረታዊ ነገራት እዚ ብቐጥታ ካብ ኣቦታት ናብቶም ምጽንናዕ ነፍሶም እናደለዩ ዝቐርብዎም ሰባት ልቢ ናብ ልቢ ይመሓላለፍ ነበረ።

ኣብ ዓለም ዝነበሩ ብዙሓት ሰባት ብልቦም ሕጉሳት ኣይነበሩን። ሕጂ ድማ፣ ብዙሓት ሰባት ናይ ሓቂ እምነት ክረኽቡ ሃረር ይብሉ፣ ብዙሓት ድማ ሓገዝ ይደልዩ።

ነቶም ኣዝዮም ዝሓዘኑ ልቢ ንምጽንናዕ፣ ነቲ ናይ ምጉዳእን መከራን ስምዒት ንምፍዋስን፣ ሓቀኛ እምነት ኣብ ዘይብሉ፣ ኣብ ምድሪ ኣቓልቦ ዝተዋህቦ ዝኾነ ይኹን ነገር ብምጥቃም፣ ምእንቲ መለኮታዊ ዕድል ክኸፈተሎም፣ ህላወና ኣብ ፍሽኽታ ኣዴና ማርያም ወይ ኣብ ጭርጭር ሽምዓ ቤተ ክርስቲያን ነቕምጦ፣

ክንክእል ከለና፣ ዝለዓለ ምቾት ነቕርብ፣ ነቶም ኣዝዮም ህንጡያት። ብዛዕባ ናይ ሓሶት ትምህርቲ ወይ ስርዓተ ቤተ ክርስቲያን ኣይኮናን ዘገድሰና፣ ናብ ኩሎም ሓገዝና ዘድልዮም ልብታት፣ ናይ ሓገዝ ኢድና ክንዝርግሕ ንኽእል ኢና።

ብዙሓት ሰባት ናብ ቤተ ክርስቲያን ይመጹ፣ ንሕና ድማ ምጽንናዕ ንህቦም። ካልኦት ሰባት ኪኖ ቤተ ክርስቲያን ናይ ገዛእ ርእሶም ፍሉይ መንገዲ ይደልዩ፣ ንሕና ድማ ነጸናንዖም።

ሰባት ኣየናይ መንገዲ ይኽተሉ ብዘየገድስ እቲ ዘገድስ ጽሬት ልቦምን ደረጃ እምነቶምን እዩ። ኣብ በረኻ ከይተረፈ ክረኽቡና እዮም።

እቲ ዝኸፍአ ነገር ሰባት እምነት ምስ ዝስእኑ ወይ መለኮታዊ ጽምኢ ካልኦት ክጥቀሙ ከለዉ፣ ንነብሶም ገለ ነገር ንምርካብ ወይ ውልቃዊ ዕላማታቶም ክወቅዑ ከለዉ እዩ።

ናብ ምድሪ ምስ ወረድኩ ልክዕ ከምኡ እየ ተዛሪበ። ብዛዕባ ምስሉይነት ናይቶም ብኽቡር ኣቀራርባን፣ ብመታለሊ ቃላት ቅዱሳት ጽሑፋትን ተሸፊኖም፣ ኣብ ጽልኢ ዝመልኦ ተግባራት ይዋፈሩን ብለይቲ ብታሕጓስ ኣእዳዎም ዝሕጸቡ ዝነበሩ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን እየ ተዛሪበ።

ኣነ ምስ ካልኦት ልኡኻት እግዚኣብሔር ወትሩ ንምስሉይነት እቃወሞ እየ። መለኮታዊ ሓቂ ቀሊል እዩ። መለኮታዊ ፍቕሪ ንኹሉ ክፉት እዩ። ኩሉ ንጹር እዩ፣ ንመለኮታዊ ጥበብ ገንዘብ ምኽፋል ኣየድልን እዩ፣ እግዚኣብሄር ንኹሉ ብናጻ ይህቦ እዩ።

ካብቶም ዕጹዋት መንገዲን፣ ኣሽሓት ጵርግያታትን ፣ ሓደ ሰብ ነቲ ናብ መለኮታዊ ብራክ (ከረን) ዝወስድ ጸቢብ መንገዲ ምርካብ ጥራይ እዩ ዘድልዮ።

ሓቀኛ እምነት ምስ ስርዓታትን በዓላትን ዘራኽብ ከምዘይብሉ ክትግንዘቡ ኣለኩም። ሓቀኛ እምነት ኣብ ልብኹም እያ ዘላ። ኣምላኽ ኣብ ልብኹም እዩ ዝነብር። ነቶም እቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ኣብ ልቦም ከም ዘሎ ዝግንዘቡ፣ ንጸሎት ዝኸድዎ ዓይነት ቤተ መቕደስ ቁምነገር የብሉን።

ናብ ፓጎዳ ቡድሃ፣ ቤተ ክርስቲያን፣ ምኩራብ፣ መስጊድ ወይ ቤተ ጸሎት ትኸዱ ፍልልይ የብሉን። ንኣምላኽ ክትረክቡዎ ናብኡ እንተኸድኹም፣ ኣብ ኩሉ ቦታ ንኣምላኽ ክትረኽቡዎ ኢኹም።

ባዶ ልቢ ሒዝኹም ናብኡ እንተኸይድኹም ግን ንኣምላኽ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣይትረኽቡዎን ኢኹም።

ብዘይ ውሽጣዊ እምነትን ቅንዕናን ፣ ናይ ስርዓታት ጸሎት መካኒካዊ ምድግጋም፣ ዋላ ሓንቲ ረብሓ የብሉን። ሽሕ ዓመት ክትጽልዩ ትኽእሉ ኢኹም፣ ግና ንብጻይኹም ክትጎድኡ እንተደሊኹም ጸሎትኹምን ጻዕርኹምን ኣይሰርሕን እዩ።

ብስም እግዚኣብሔር ንዝፈጸምኹሞ ገበን ክዕረቖሉ ዝኽእል እምነት የልቦን።

ሎሚ ዘረባይ ኣብ ግምት ከተእትውዎ እሓትት። ነቶም ንኣምላኽ ዝደልይዎን ክረኽብዎ ዘይክእሉን ይድንግጸሎም ኢየ፣ ነቲ ልባዊ ድርኺቶም ንብልጽግናኦም ዝጥቀሙ ሰባት ድማ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

ሱር ሽግር እምነት ኣብ ልብኹም እዩ ዘሎ። ኣብ ዝኾነ ሃይማኖት ዓለም ፍጹም እሙናትን ውፉያትን ኣገልገልቲ ኣምላኽ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡውን ንኣምላኽ ከም ዘገልግሉ ኣምሲሎም፣ ንኢጎኦም (ነብሶም) ወይ ንልቦም ዝሃዘ ዲያብሎስን ዘገልግሉ ኣብ ዝኾነ ሃይማኖት ክትረኽቡዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ሓቂ ኣምላኽን ፍቕርን ኣብ ውሽጥኹም እምበር ካባኹም ከም ዘይርሕቕ ከዘኻኽረኹም መጺአ ኣለኹ። ኣብ ልብኹም እዮም ዝነብሩ። ነዚ ስንቂ እዚ ኣብ ልብኹም ክትረኽቡዎ ንሕግዘኹም። ሓገዝ ሕተቱና። ገጽኩም ብጻውዒትን ጸሎትን ናባና ኣቕንዑ። ቅንዕና ዘለዎ ጻውዒት ናብ ዝኾነ ቅዱስ መልኣኽ ክበጽሕ ይኽእል እዩ፣ ጻውዒት ምምላስ ግዴታና ስለ እንኞጽሮ ድማ ንዓኻትኩም መልሲ ንከይንህበኩም ኣይንኽእልን ኢና፣ እዚ ዕማም እዚ ድማ፣ ንዓና ቅዱስ እዩ።

ኣነ ኢየሱስ እየ

*እዚ ጽሑፍ እዚ ብመልእኽተኛ ታትያና ሚኩሺና ካብ ኢየሱስ ዝተወሃበ መልእክቲ ኢዩ። እቲ መልእኽቲ ብዕለት 3 ጥሪ 2009፣ በዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተዘርጊሑ:- ነዚ ሊንክ ተኸታተሉ። This article is a verbatim translation of the english version of the Lord Jesus message as it has been received by the* ***Messenger Tatyana Mickushina****. The message was streamed on January 3, 2009, on the following website: - follow this link*

***ተርጓሚ መስፍን ሓጎስ ተወልደ (ዕለት: 24.10.2021)***